# *ዝጠፈሹ ኣሳሰይቲ ሕልሚ ወያነ*

*እንዳ ተበራረዩ ዝመጹ መራሕቲ ኢትዮጵያ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጽናትን ንኤርትራ ንምጉባጥ ዘይመሃዝዎ ስልትን ዘይፈሓርዎ ጉድጓድን ኣይነበረን።*

*ጭርሖ ናይ ሃጸይ ሃይለስላሰ ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየንን እዩ ይብል ነይሩ።*

*ናይ ደርጊ ጭርሖ ድማ ዓሳ ንምጽናት ማይ ምንጻፍ ይብል ነይሩ።*

*ናይ ወያነ ጭርሖ ድማ ኤርትራ ንምጉባጥ ብዅናት ስለ ዘይሰልጦ ንህዝቢ ኤርትራ ብዓሌት፣ ወገን፣ ቀቢላ፣ ሃይማኖትን ነንሕድሕዱ ንምንቛት ካብ ነዊሕ እዋን ክሰርሓሉ ጸኒሑ። እዚ'ውን ኣይሰለጦን። ማዕረ ማዕሪኡ ኣብ ደገ ሃሱሳት ፈጢሮም ማእለያ ዘይብሉ ሚሊዮናት ዶላር ወጻኢ ገይሮም ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ሕልሚ ወያነ ዘሳስዩ ቁንጣሮ ሃሱሳት ተጫጭሖም እዮም።*

*ወያነ ኣብ መጀመርታ 2012 ኣብ ስዊዘርላንድ ጥራሕ ብኢ.ድ ወ/ሮ ኣዜብ መስፍን ሰይቲ መለስ ዜናዊ፣ ስብሓት ነጋ፣ በረኸት ስምኦን በብግዚኡ ልዕሊ 50 ሚሊዮን ዶላር ነቶም ዝጠፍጠፍዎም ሃሱሳት ኣረኪቦሞም። እዚ ናይ ስዊዘርላንድ ኣብነት ኣምጺእናዮ እምበር ኣብ ኵለን ሃገራት ኤውሮጳን ኣመሪካን ንሃሱሳት ዝወጸ ዶላራት ተመሳሳሊ እዩ። ንጉባኤ ኣሶሳ ዝወጸ ገንዘብ'ውን እንተኾነ ካብኡ ዝፍለ ኣይነበረን። ወያነ እዚ ኩሉ ወጻኢታት ኣውጺኡ ባህጉ ሕልሚ ደርሆ ኮይኑ ተሪፉ።*

*መለስ ዜናዊ ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር ኣብ መጨረሻ 2010 ዓ/ም ኣብ ፓርላማ ኢትዮጵያ ዝተዛረቦ ብቪድዮ ተቐሪጹ ቅድሚ 3ተ ዓመት ተዘርጊሑ ነይሩ። ንሱ ድማ ንስኻትኩም ብዛዕባ ዓሰብ ትዛረቡ ኣለኹን ንሕና ግን ብዛዕባ ኤርትራ ዝወጠናዮን ዝወዳእናዮን መደብ ኣሎ። እቲ ተወጢኑ ዘሎ እዚ ዝስዕብ እዩ። ኩሎም መንእሰያት ኤርትራ ካብ ሃገር ክነፍልሶም ኢና ምስ ኵለን መሻርኽትና ተሰማሚዕና ወዲእናዮ ኣሎና። ንዅለን ጐረባብቲ ሃገራት ብመንግስቲ ኣመሪካ ተነጊርወን እዩ። ኵለን ጐረባብቲ ሃገራት ድማ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ኣለዋ እታ ሃገር ጥርሓ ከነትርፋ ኢና። ብተወሳኺ ብዙሕ ምኽንያታት ፈጢርና መንግስቲ ሻዕብያ ኣብ ምሉእ ዓለም ከም ዝዅነንን ዝንጸልን ምስ ኵለን ጐረባብቲ ቀርኒ ኣፍርቃ ሰላም ከም ዘይህልዎ ጌርና እቲ ንደልዮ ዕላማ ወቒዕና ኣሎና። ብድሕሪኡ ኤርትራ ብዘይ ዅናት ኣብ ቀረባ እዋን ክንሕዛ ኢና እዚ ውዱእ እዩ፣ ክብል መደሪኡ ኣስሚዑ።*

*ሒልሚ ወያነ እቶም ዝፈለሱ መንእሰያት ዅሎም ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ ዝኾኑ መሲልዎም ነይሩ። ገለ ሃሱሳት ኣብ ዅሉ ካምፕታት እንዳ ኸዱ ኣንጻር ኤርትራ ዝሰብኩን ብዓሌትን ኣውራጃን ወገንን ቀቢላን እንዳን ሃይማኖትን ዝምልምሉ ዘለው ዕሱባት ውልቀሰባት ካብ ዓይኒ ዅላትና ዝተኸወሉ ኣይኮኑን።*

*እዚውን ኣይሰርሐን። እንተኾነ ግን ሕልሞምን ኣተሓሳስብኦምን ኣብዚ ኣየብቅዐን። ኣስዒቦም ካብ ኢትዮጵያ ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ብወያነ ተላኢኾም ብስም ኤርትራውያን ኢዶም ዝሃቡ ልዕሊ ቍጽሪ ኤርትራውያን ክምዘለው ዅላትና ንፈልጥ ኢና። ንኣብነት ኣብ ስዊዘርላንድ ጥራሕ ዝተረጋገጸ ኣሃዝ 8500 ኢትዮጵያውያን ብስም ኤርትራ ኢዶም ሂቦም ተቐባልነት ዝረኸቡ ከም ዘለው ባዕሉ መንግስቲ ስዊዘርላንድ ዘረጋገጾ ሓቒ እዩ። ኣብ ጀርመን ሆላንድ ኖርወይ ሽወደን ዴንማርክ ዓዲ እንግሊዝ እዘን ሃገራትውን ካብ ስዊዘርላንድ ዝፍለያ ኣይኮናን። ምኽንያቱ እቲ መስርሕ ሓደ ዓይነት ስለ ዝነበረ።*

*እምበኣር ውዲት ናይ ጸላእትና ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ካብ ኮነ እዚ በብእዋኑ መልክዑ እንዳ ቀየረ ዝመጽእ ዘሎ ተግባራት ሓደ ብሓደ ንመልከት።*

1. ኣብ ሃገር ሆላንድ ብዕለት 13ን 14 ወርሒ 4ተ ኣብ ልዕሊ ደገ ተወሊዶም ዝዓበዩ መንእሰያት ዝተወሰደ ግፍዕን ዓመጽን ነቲ ብሕጋዊ መንገዲ ዝካየድ ዝነበረ ምትእኽኻብን ዘተን ገምጋምን ዓመታዊ ጉባኤ ከካይዱ ካብ ብዙሕ ሃገራት ዝመጹ መንእሰያት ኣብ ልዕሊኦም ንጕንጽን ባእስን ዝዕድም እከይ ተግባራት ጸርፍን ዘለፋን ኣብዘይ ግብኦም ቦታ ዘይሕጋውያን ከንሶም መጺኦም ዝፈጸምዎ ገበን፣ ንሓደ ዕሱብ ዳኣ እምበር ናይ ኤርትራዊ ስነ ምግባር ዘይብሉ ነውርን ገበንን እዩ።
 ኮምኡ'ውን ኣብ ዘይሰዓቱ ከውታ ለይቲ ምክልባትን ገልጠምጠምን ካብ'ቲ በኣገባብ ዝሓዝዎ ኣደራሽን መዕረፊ ቦታን ንኽወጹ ዝተገበረ ውዲት ዘይሕከኽ በሳላ'ዩ ኢልካ ዝሕለፍ ጥራሕ ዘይኮነ እዚ ጸሊም ታሪኽ ንዘለኣለም ዘይርሳዕ እዩ። እዚ'ውን ብሕጋዊ መንገዲ ዘሕትት እዩ።

2. እዚ ኣብ ሃገራዊ በዓላትና፣ መዓልቲ ናጽነት፣ መዓልቲ ስውኣትን ፈስቲቫላትን ካብ ዓመት ንዓመት መልክዑ እንዳ ቐየረ ብውሑዳት ዕሱባት ኤርትራውያን እቲ ዝበዝሐ ቁጽሪ ግን ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝተዋፈሩ ናይ ወያነ ልኡኻት ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቈላ ዝመስል፣ ካብ'ቲ ንሳቶም ኣትዮሞ ዘለው ዓዘቕቲ ዝላቐቑ መሲልዎም ነቲ ጽሩይ ማይና ክዘርጉ ኣብ ልዕሊ ዓበይቲ ኣዴታትን ኣቦታትን መንእሰያትን ህጻናትን ዘዝንብዎ ዘለው ጸርፍን ማህረምትን ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝወርድ ዘሎ ዕንወት ጸብጺብካ ኣይውዳእን'ዩ። እዚ ንዓና ንኤርትራውያን መሊስና ከም ንበራበርን ከምንነቅሕን ይገብረና እምበር ዘፉርሃናን ዘሰንብደናን ኣይኮነን። ነቲ ክቡር ዋጋ ከፊልና ዘምጻእናያ ናጽነት ክንከላኸለላ ኣብ ዝሃለና ንሃሉ ከምቲ ንስኹም ትሓስብዎ ዘይኮነ እቲ ኣንጻር ሃገሩ ክዓጥቕ'ዩ ኢልኩም ዘፍለስክምዎ መንእሰይውን እንተኾነ ኣብ ልዕሊ ሃገሩን መንነቱን ዋጋ ዕዳጋ ዘየፍቅድ ምኻኑ ክትግንዘቡ ይግባእ። ስለዚ ነቲ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዝሓንጸጽክምዎ እስትራተጂ ከምቲ ንስኹም ትሓስብዎን ትሓልምዎን ዘይኮነ ጉድጓድስ ንፍረሓሪኣ ከም ዝበሃል ግዜን ዓቕልን ወሲድና ወርቅን ሓቅን ድማ እንዳ ተኹለዐ እዩ ዝኸይድ እሞ ጽንዓት ይሃብኩም።

ኣንቱም ከድዓት እቶም ከም ኳኽ ትጸልም ኢልኩም ትኸዱ ዘሎኹም ደም ስውእ ኣይሰደኩምን እዩ። እቶም ብዘይ ምፍላጥ ነዚ እከይ ውዲት ኣንጻር ሃገርን ህዝብን ዓጢቕኩም ዘሎኹም ልብን ምስትውዓልን ክሓተኩም እዩ። ምኽንያቱ ስውኣቱ ዝጸርፍ ባንዴርኡ ዘንድድ ተጋደልትን ውድብ ህዝባዊ ግንባር ዘቃልልን ዘናሹን ንረብሓ ኤርትራን ኤርትራውያንን ከም ዘይኮነ ፈሊጥኩም ብኣግኡ ጸላእትኹም ኣለሊኹም ካብ ኣበሳ ተኣለዩ።

ኣቱም ብኣውራጃን ዞባን ቀቢላን ወገንን ዓሌትን ሃይማኖትን ክትጣልዑ ትፍትኑ ዘሎኹም ነዚ'ውን እንተኾነ ማዕረ ናጽነት ንምምጻእ ዋጋ ከፊልናሉ ስለ ዝኾና ሕጂውን ኤርትራ ናይ ኤርትራውያን ድኣ እምበር ነቲ ናይ ምዕቡል ማሕበር ኣንድነት ከተሳስዩ ጥልዕ ጕንብሕ ትብሉ ዘሎኹም ከድዓት ጃንዳኹምን ዕላማኹምን ኣሸንኳይዶ ሎሚ ቀደም'ውን እንተኾነ ሓንቲ ስጉምቲ ከይሰጕመ በቶም ተብዓት ኣበሓጎታትና መኺኑ ተረፉ'ዩ። ኢብራሂም ምስ ኣብርሀት ኣብ ሓደ ጉድጓድ ዝተቀብርሉ ጓል ሸኽ ምስ ወዲ ቀሺ ተዛሚዶም ፍረ ዝፈረይሉ ቀሽናን ሸኽናን ባሪኾም በዓልትና ዝኸፈትሉ ሕጂ ብዕሱብ ወዲ ዕሱብ ነዚ ቅዱስ ተግባር ሓያል ዝሰረቱ ከተመራስሕዎ ከተፍርስዎን እትደልዩ እዚ ሕልሚ ጥራሕ እዩ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣና

ዓወት ንሓፋሽ

ተስፋይ ጀርመን